
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.98 | ሰሉስ 24 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጥዕናሕንጎል


ገጽ 3

“ዝረኣኻዮ ትኣምን ጥራይ ዘይኮነ...”

ገጽ 4

ደራሲ ተስፋይ ገብረኣብ ...

ገጽ 5

ኣበርክቶ ብዓል ቤት ኣብ ምውሳእ...

ገጽ 7
ዞባ ማእከል፡ ውድድርጉያ መሮር ተኻይዱ



## ዓንሰባ - እቶት ሕርሻ ዕብየት ኣርእዩ

ሎሚ ዓመት ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝበረ ህጡር ክረምትን ብጾዕርን ትግሃትን ሓረስቶት ተሰኒዩ ኣብ ዕቤት እቶት ሕርሻ ኣበርክቶ ከምዝገበረ፡ ካብ ጨንፈር ሕርሻ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍለጠ።

ኣቦ'ቲ ጨንፈር ሓላፊት ኣሃዱ ብቑሊ. ወ/ሮ ክብራ ገብረመስቀል ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ ዝወቕዐ ዝናብ ብዘርጋሐኡ ደኺሩን ብዓቕሙ ዝሓሸ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ 58,145 ሄክታር ክዘራእ ከምእተኻእለ፤ እዚ ድማ ካብ'ቲ ናይ 2023 ብ6 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣብሪሃ።

ካብ ዝተዘርአ ስፍሓት መሬት፡ እቲ 42.2 ሚእትዊት ብልቱግ፡ 31.1 ሚእታዊት መሸላ፡ 8.5 ሚእታዊት ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ፡ 9.7 ሚእታዊት ድማ ጥረታት ምዃኑ ዝሓበረት ወ/ሮ ክብራ፡ ምሩጽ ዘርኢ ብልቱግ፡ ሰርናይ፡ ሰገምን ዕፉንን ርቡሕ ምህርቲ ይህብ ከምዝሎ ኣገንዚባ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምፍዋስ ማይ-ከዖታት፡ ምድራፍን ምድልዳልን ምትእትታው ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ከምኡ'ውን ምደኻዕን ምልስላስን፡ ኣብ ዕቤት ምህርቲ ተራ ከምዝነበሮ ገሊጻ።

ወ/ሮ ክብራ ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን “መኣዝዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ኣውጺኡ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዘሎ፡ ሓረስቶት ንምዕዋቱ ብንቕሓት ክሰተፉ ጸዊዓ።



## ማእከል - ኣብ ማሕበራዊ ድሕነት ኣተባባዒ ስራሕ ተዓሚሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2024 ማሕበራዊ ድሕነት ዜጋታት ኣብ ምርግጋጽ ኣተባባዒ ስራሕ ከምዝዓመመ ገሊጹ።

ወኪል ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሰዩም ዑቕባሚካኤል፡ እቲ ዝተሰላሰለ መደባት፡ ምውሓስ ማሰላት ቁልዑ፡ ሰንኩላንን ኣረጋውያንን፣ ምምሕያሽ ማሕበራቁጠባዊ ጸገማት ዜጋታት፣ ምውጋድ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽቦ ደቂኣንስትዮን፣ ከምኡ'ውን ምምሕያሽ መነባብሮ ተኣለይቲ ሰንኩላንን ስድራ ስውኣትን ከምዝጠቓልል ኣብሪሁ።



እቲ ጨንፈር፡ ኣብ ቀዋሚት 9 ኣዋርሕ ልዕሊ 56.5 ሚልዮን ናቕፋ ደብስ ንስድራ ስውኣት ከምዝኸፈለ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታት ዘበርክትዎ ልዕሊ 1.1 ሚልዮን ናቕፋ ን134 ዝምልከተን ስድራ ስውኣት ከምእተመቓርሐ፣ ብደረጃ ኮም ዝተዋጽአ 293,100 ናቕፋ ድማ ን239 ጸገማት ስድራ ስውኣት ከምእተኸፋፈለ ሓቢሩ።

ብኣሃዱ ዕዮ ንዝተዓመመ ስርሓት ኣመልኪቱ ኣቶ ሰዩም፡ ኣብ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ 2040 ክፋት ዕድላት ስራሕ ከምዝበረ፡ 1,745 ተወዳደርቲ ድማ ስራሕ ከምዝረኸቡ ኣፈሊሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሰዩም፡ እቲ ጨንፈር ን310 ማሕበራቁጠባዊ ጸገም ከምዝለወን ዝተለለያ ደቂ-ኣንስትዮ ንፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ብዓይነት ኮጣይሰን ከሎ፣ ን1677 ተመሃሮ ምሉእ ወጻኢታት ትምህርቲ ከምዝሸፈነ ኣፍለጠ።

## ማይ-ዓይኒ - መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ይድፈኣሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይዓይኒ ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣተኲሩ ክካየድ ዝጸንሐ መደባት ትምህርቲ ንጋብይቲ ብዘለዓለ ክቐጽል ምዃኑ፡ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ኣኼባ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ካብ ዝተመዝገቡ 167 ዜጋታት እቶም 90 ሚእታዊት ክውድኡ ከለዉ፡ 10 ሚእታዊት ከምዝቋረጹ፡ ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንጋብይቲ መምህር ሳልሕ ሙሳ ገሊጹ።

መደብ ትምህርቲ ንጋብይቲ ሎሚ ዓመት ኣብ ንቑጣታት ዑናዋጦት፡ ተኾላቢ፡ ዴዱሓወሲ፡ ከተማ ማይ-ዓይኒ፡ ቀርጸቀምጡ፡ ዓዲ-ኑበሪ፡ ዓዲ-ጎዶ፡ ዓዲ-ገሃድ፡ ቀሓይ በዓልቴትን ኩዓቲትን ክካየድ መደብ ተሓንጺጹ ከምዝሎ ዝጠቐሰ መምህር ሳልሕ፡ ኣመሓደርቲ ከቡበን መምህራንን ንዓወት ናይ'ቲ መደብ ምትሕብባርም ክገብሩ ጸዊዑ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ኣቶ ክፍለ መንግስን ሓላፊ ትምህርቲ መምህር ጠዓመ ፍትዊን ብወገኖም፡ ዕላማ ትምህርቲ ንጋብይቲ ብምግላጽ፡ መሃይምነት ዘጥፍኣ ዓድታት ንቲ ዕድል ብዕቱብ ክጥቀማሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይዓይኒ ካብ ዝርከባ 60 ዓድታት፡ እተን 52 መሃይምነት ከጥፍኣ እንከለዋ፡ ዝተረፋ 8 ኣብ መስርሕ ከምዝርከባ፡ ሰነዳት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ የረድኡ።

## ሃይኮታ - ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበናት ንምዕባይ ተዘቲዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ መረዳእታ ሕብረተሰብ ኣብ ገበናውን ሲቪላውን ሕግታት ብምብራኽ ተራኡ ኣብ ምክልኻል ገበናት ንምዕባይ ዝዓለመ ርክብ ተኻይዱ።

ኣቦ'ቲ ምስ ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ሃይኮታ ዝተገበረ ርክብ፡ ኣዚዚ መደበር ፖሊስ'ቲ ንኡስ ዞባ ሰርጀንት እድሪስ ዓሊ፡ ገበናትን በደላትን ከይተፈጸሙ ክትከላኸሉሎም ስለዝኽእልሉ፡ ኣፍልጦ ሕጊ ንምዕባይ ቀጻሊ ተዋህቡ ይሰራሓሉ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ርክብ ተራ ሕብረተሰብ ዝዕቢየሉ ባይታ ንምስፋሕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከባ ተርእዮ ገበናትን በደላትን'ኳ እንተዘየለ፡ ሳሕቲ ንዝቅልቀል ከይስዕረረ ንምግታእ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ስጉምቲ ክውሰድ እዋኑ ዝጠልቦ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ጉዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ - ንኡሳን ዞባታት ዓሰብ፡ ኣረዕታ፡ ማእከል ደንካልያን ደቡብ ደንካልያን፡ ጉዳእቲ ልምድታት ንምግታእን መሰላት ቈልዑ ንምርግጋጽን ንዝተኻየደ ንጥፈታት ዝዕምዝሞን ዘሎ ኣፍልጦ ዘበርኽን ኣስተምህሮኣዊ ኣኼባታት ተኻይዱ።

እቲ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብሰንኪ ድኑት ንቕሓትን ድሑር ኣመለኻኽታን ዝፍጸም ዘሎ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ክሽቦ ደቂኣንስትዮን ካልኦት ሃሰይቲ ልምድታትን መሊኣም ክሳብ ዝውገዱ ዝካየድ ወሀድ ጻዕሪ ከምዝኾነ፡ ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ ተገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ዞባዊት ኮሚቴ ምውጋድ ጉዳእቲ ልምድታትን ምርግጋጽ መሰላት ቈልዑን ደቂኣንስትዮን - ኣቶ ሓመድ ዓሊ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ መሰላት ቈልዑን ደቂኣንስትዮን ንምሕላውን ጉዳእቲ ልምድታት ንምውጋድን ንቕሓት ዜጋታት ዘበርኹ ኣስተምህሮታት ምውዳብ ኣገዳሲ ከምዝኾነ፡ ዛጊት ዝተኻየደ ስራሓት ድማ መጠናዊ'ኳ እንተኾነ ኣብ ባይታ ወጽኢት ደርኪቦ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡሳን ዞባታት ዓረ፡ ጸሮናን ማይዓይኒን ተመሳሳሊ ኣስተምህሮታት ከምእተዋህበ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

## ናቕፋ - ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ንምስፋሕ ይስራሕ

ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ኤርትራ፡ ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ክሳብ ርሑቕ ከባቢታት ንኡስ ዞባ ናቕፋ ንምስፋሕ ብዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ መስርሕ ምትካል ታወራትን ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓትን ተዛዚሙ፡ ካብ 8 ታሕሳስ ስሩዕ ኣገልግሎት ተጀሚሩ።

እዚ ተተግቢሩ ዘሎ መደብ፡ ንምምሕዳራት ከባቢ ጥቓሉ፡ ማሬት፡ እንደዓልን ኣበሎን፡ ከምኡ'ውን ንኣግራዕለዓልን ኣግራዕተሓትን ዝተኣማምን ሸፈነ ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ዘውሕስ'ዩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ከባቢኦም ብዘበረ ናይ መራኸቢታት ሽግር፡ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ብኣሉታ ተጸልዩ ምጽንሖም ብምዝካር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግና እቲ ናይ መራኸቢታት ጸገም ከምእተፈትሐ ገሊጾም።

ሻባብ
ሃማመተኤ

# ደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ
## ኣብ ሳልሳይ ዓመቱ

መደብ ዝኽሪ ሳልሳይ ዓመት ውሩይ ደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብን መመረቕታ ብሰሎሞን በርሀ ዝተተርጎመት "ደማዊ ዘመን" ዘርእስታ መጽሓፉን ሎሚ ሰሉስ 24 ታሕሳስ 2024፡ ካብ ሰዓት 5፡30 ድ.ቐትሪ ኣብ ሲነማ ሮማ ክካየድ ምዃኑን ክንሳተፎ ዝዕድምን ፖስተር ምስ ነቡብኩ'የ፡ ነታ ኣቐዲመ ኣዳልየያ ዝጸናሕኩ ጽሕፍቲ ናብ ዓምዲ ሽባብ ክልእካ ተደሪኸ።

***

ደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ ዓሪፉ ሓመድ ዓደቡኡን ኣዲኡን ካብ ዝለብስ ድሮ ሰለስተ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ። ግዜ እንታይ ኣለዎ ኾይኑ! ነዞም ብመጽሓፍቱ ዓዚሙ ዝማረኸና ኣድነቕቱን ኣፍቀርቱን እኳ ክሳብ ክንድኡ ዘበጽሐ ኣይመሰለናን። ምኽንያቱ ንስሙ ጌና ካብ ኣፍና ኣየውደቕናዮን። ኣንበቡን ጸሓፉን እናበለ ዝጉስጉስ መቓልሕ ድምጹ እውን ክሳብ እዛ ሰዓት ኣብ ኣእዛንና የጋውሕ ስለ ዘሎ እዩ መስለኒ፡ ንዘይምህላዉ ክንቅበል 'ተዳሎና ኣይንመስልን።

ክንቅበሎ ዘይክንቕበሎ ክንኣምኖ ዘይክንኣምኖ ግን ተስፋዬ ናብ ዘይምለሰሉ ምግዓዙ ዘይቅየር ሓቂ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ብዙሓት ኣድነቕቱን ኣፍቀርቱን ብምኽንያት ሕልፈቱ ኣብ ዝተፈላለያ ሚድያታትን ኣጋጣሚታትን ንኽብሩ ናይ ዝኽሪ መደባት ክሰርዑ፡ ክጽሕፉን ክምድሩን ንዕዘብ።

ድሕሪ ሕልፈት ተስፋዬ ኣብ ዛዕባ ተስፋዬ ሓለፉ ካልኦት በሪኹ ዝተራእየ ግን ሓደ ሰብ እዩ። እዚ ኣብ ዕድመ መጨረሽታ 20ታት ዝርከብ ንሓንቲ ደቒቕ እውን ርእይዎ ንዘይፈልጥ ናይ ስነ ጽሑፍ ጅግናና "የኣደአው ጥቁር ኣፈር፡ ተስፋዬ ገብረኣብ፡ ህይወትና ምስጢር" እትብል ንታሪኽ ህይወት ተስፋዬ እተዘንቱ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣብ መበል ካልኣይ ዓመት ዕረፍቱ ንዕዳጋ ዘቕረበ ኢትዮጵያዊ መንእሰይ ጉቺ ሽመልስ ይበሃል።

መጽሓፍ ጉቺ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ዝተጻሕፈት ኮይና፡ 360 ገጽ ኣለዋ። ተስፋዬ ንዝዓበየላ ስድራን ነተን ንዕኡ ወሊደን ዝመልመላ ዘይጽዓዳ ኣደይ መብራትን ከኣ ኣብ ህይወት ምስ ዘጋጠመን ውረድ ደይብ ብውሩቕ ቃላት ገይሩ ኣቕሪቡልና ይርከብ። ብዘይካ'ዚ ነታ ኣቐዲሙ ደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ ኣብ ልብና ዘስፈራ ብሾፍቱ እውን ብውሕሉል ጥቡብ ናይ ቃላት ቀሪጹ መመሊስና እናናፈቕናያ ከም ነንብባ ገይሩና።

ብሓደ ወገን ኣዲኡ "እዚስ ሰብ ኣይከውንን እዩ" እናበላ ንዘሻቕላሉ ዝኑብራ ኣመና ህዱእ ቈልዓ (ተስፉ) ብኻልእ ወገን ድማ ፒሮን ወረቐትን ኣልዒሉ "ታሪኽኪ ንገርና" እናበለ ብዛዕባ ኣዲኡ ክሓናጥጥ ንዝጀመረ ተስፋዬ ታተ ኣቢሉ ኣላልዩና። ምስ መተዓብይቱ፡ ናይ ትምህርቲን ውትህድርናን ተመክሮኡ፡ ክቱር ናይ ምንባብ ሕማሙን ናይ ስነ ጽሑፍ ጽምኡን ኣራኺብና።

ግደ ሓቂ መጽሓፍቲ ተስፋዬ ንዘንበበ ዘበለ "ተስፋዬ መን እዩ?" ክርዳእ ዘጸግሞ ኣይኮነን። እንተ ኾነ ካብ ሓደ መጽሓፍ ናብ ካልእ፡ ካብ ሓደ ዛንታ ናብ ዝስዕብ እናነጠርካ ስለ ትለቕሞ ምልኣት ኣይትረኽበሉን። ኣብ መጽሓፍ ናይ ጉቺ ግን ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ፡ መስርዑ ሓልዩ ሓደ ፍጻመ ነቲ ቀጺሉ ዝስዕብ ጠንቅን ሳዕቤን እናተኣሳሰረ ነፍስሄር ብዝሓለፈሉ ናይ ህይወት ጎደና ኣመላሊሱና።

ንተስፋዬ ኣብ ግዜ ስልጣን፡ ኣብ ስደት፡ ኣብ ውልቁን ሓዳሩን ዝሓለፎ ብዝግባእ ሸፊኑ ሂቡዎ። ጻዕራ፡ ክቱር ባህግን፡ ዘይውዳእ ጥሙሕን ብሓደ ወገን ዝኽትምና፡ ጸገም፡ ስእነትን ተስፋ ዝሰኣነሎም ገጻት ናይ ህይወቱ ኸኣ ብኻልእ ኣብ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ተስፋዬ ንረኽቦም። በላሕ ብርዑ ምስ ዝፈጠረቶም እናጸብሐ ዝሰስኑ ጸላእትን ፈተውትን ተስፋዬ እውን ማዕር ማዕረ ገይሩ ኣፋሊጥና።

ኣብ ርእሲ እዚ ነተን ተስፋዬ ኣቐዲሙ ዝጸሓፈን መጽሓፍቲ ኣብ ከመይ ኩነታትን ስለምንታይን ከም ዝጸሓፈን ኮሊዑ ኣርእዩና። ነቲ ኣብአን ዝተዘንተወ ኣቐዲምና ዘንበብናዮ ፍጻመታት ብምልኣት ንምርዳእ ከኣ ዳግማይ ብኣስተንትኖ ንድሕሪት መሊሱ ንኽዙን ፍልጠትና ደሪዑልና። ብድሕሪ መጋረጃ መጽሓፍቲ ተስፋዬ ዘሎ መሸገራጉር፡ ጻዕሪን ብድሆን ትብዓትን ስግኣትን ፖለቲካን ዓሌትነትን ኣብዛ መጽሓፍ ዕርቃኑ ወጺኡ ንረኽቦ። በዚ መንገዲ ደራሲ ተስፋዬ ክሳዕ ክንደይ ኣብ በሊሕ መላጸ ደው ኢሉ ከም ዝጸሓፈ ብግቡእ ንኽንርዳእ ሓጊዙና።

ካልእ ጽባቐ ናይ'ዛ መጽሓፍ እቲ ጉቺ ዝተጠቐመሉ ቅዲ ኣጸሓሕፋ እዩ። ንሱ ምስ ናይ ተስፋዬ ብዝመሳሰል ቅዲ ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ናይ ተስፋዬ ክጽሕፍ ምብቕዑ ውጹእ መንፈዓቱ ኣርእዩና። ብዘይ ምግናን ናይ ተስፋዬ ጽሑፍ ተንቡብ ዘለኻ ክሳብ ዝመስለካ እዩ ዘደናግር። በዚ ኣገባብ ንደራሲ ተስፋዬ ገብረኣብ ክሳብ ክንደይ ከም ዝተላበሶ ብግብሪ ኣመስኪሩ።

ነዛ መጽሓፍ ድሕሪ ምንባብካ ንእለት ተስፋዬ ጥራይ ክምልሶ ዘለዎ ሕቶታት እዩ ኣብ ኣእምሮኻ ዝድርደር። ኪኖ ባዕላዊ ትንታነ ካብ ዋና ዛንታ መልሲ ከም ዘይትረክብ ምስ ዘከርካ ግን ስንባድ ድዩ ጓሂ ክትገልጾ ዘይትኽእል ሕማቕ ስምዒት ይወረካ። ጎሮሮኻ ጓህሪ ከም ዝኾለሰ ምራቕካ ምውራድ ክሳዕ ትስእን ትኸውን። ኮታስ ክድገም ዘይትብህጎ ሕማቕ ስምዒት።

ተስፋዬ ብህይወቱ እንከሎ ብዙሓት ኣድነቕትን ፈተውትን ከምኡውን ጸላእቲ ዘጥረየ ዕዉት ጸሓፊ ነይሩ። ሎሚ እውን ድሕሪ ሕልፈቱ፡ ጽሑፋቱ ኣብ መንጎ ኣድነቕቱን ጸላእቱን ርሱን ክትዕ ምስ ኣጎዱ እዮም። ኣብ ታሪኽን ፖለቲካን ኢትዮጵያ ሎሚ ይኹን ጽባሕ፡ ዋላ'ውን ድሕሪ ጽባሕ ንጽሑፋት ተስፋዬ ማእከል ዝገበረ ክትዕ ብቐሊሉ ከም ዘይቕህም ምፍላጥ ናይ ምንባይ ተውህቦ ክህልወካ ኣይጠልብን። ከመይ ጸሓፊ ዘይፈንቀሎ ስቱር ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ስለ ዝከኣል።

ተስፋዬ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝነበረለን ዓመታት እውን ብዘይካ እቲ ልሙድ ናይ ምጽሓፍ ዕዮ ልምዲ ንባብ ንምዕባይ ከይተሓለለ እዩ ሰሪሑ። ኣብ ዝተፈላለየ ሚድያታት መዲሩ። ናብ ዞባታት እናኸደ ብዛዕባ ኣገዳስነት ታሪኽን ምንባብን ኣመልኪቱ ሰሚናራት ኣካይዱን ጽሒፉን። ክሳብ መጽሓፍ ከም ሸኮርን ባናናን ነንሓድሕድና ክንበጻጽሓሉ ማይ ዘይሓለፎ ምኽሪ ኣፍሊቑ። ኣንጻርና ንዘሎ ብድሆ ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ሓለፉ ኩላትና ስለ ዝተረድኦ'ዶ ይኸውን? ጽሑፋቱን ዘረብኡን ኩሉ ናብ ሓደ ነገር እዩ ኣማእዚኑ።

ኤርትራ ሎሚ ሳላ መስዋእቲ ደቃ ስድሪ እውን ትኹን ካብ መሬታ ኣብ ትሕቲ ባዕዲ ኣይርከብን። ዶባታ ኣውሒሳ ክብራ እውን ተዓቂቡ እዩ። ዝንድላ ግን ኣይተሳእነን። እቲ ንሃገርነትና ዘቖመ ትረኻ ክሳብ እዛ ዕለት ብናይ ሓሶት ልሂቓን ተዓብሊኹ እዩ ዝርከብ። እቶም ትማሊ ንኤርትራን ኤርትራውያንን ከንበርክኹ ዝሓመቑ ሓይልታት ሎሚ ንታሪኽን መንነትን ኤርትራ ከቃጥኑን ክጅልሑን ውዒሎም ይሓድሩ ኣለው። ሕሉፍ ሓሊፎም ኣብ ዘይወዓልዎ ዓውደ ውግእ ቅያ ከም ዝሰርሑ፡ ንዘይፈልጥዎ መሬት ከም ዝገዝኡን ዘመሓደሩን ክጽሕፉ ኮነ ክዛረቡ ብፍጹም ኣይሓነኹን። ንሕና ከኣ እንተስ ኣርሚሙና ወይስ ዓዚሙና ዝጥቀስ ግብረ መልሲ ኣይሃብናሉን።

ደራሲ ተስፋዬ ግን ኣንጻር እቲ ናይ ሓሶትን ዕብላለን ትረኻን ፊት ንፊት ተዋጊኡ ጥራይ ዘይኮነ ህይወት እዩ ከፊሉሉ። ደይ መደይ ኢልካ ክድፈን ንዝተገብረ ታሪኽና ካብ ትሕቲ ጉድጓድ ኣውጺኡ ኣብ እዝኒ እቶም እንክሰምዕዎ ዘጉርዑ ኣብጺሑ። ካብኡ ሓሊፉ ነቲ ኢትዮጵያ ዝተሸፈነትሉ ብዙሕ ናይ ሓሶት ትረኻታት ገለ ካብኡ ቀናጢጡ። ኣብዚ መዳይ ተስፋዮ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ወልዶ ንወልዶ ዝሳገር ውዕለት እዩ ገይሩሎም።

ንኤርትራውያን ሰራሕቲ ታሪኽ ኣንጻር እቲ ዝተዘምተ ዛንትኦም ብሓቂ ክትክእዎ ሸምጡ ገቲሩ ተማጒቱ። ክጽሕፉ ወይ ከኣ ከጽሕፉ። ኣብ ኤርትራ ጺኒሕናዮ ኣብኣ ገዲፉና ንዝኸደ ኣብ ሜዳና ማይ ዘይጠዓሙ ዛንታታት ነጊሩ ካብ ድቃስና ክንበራበር ንለባማት ኣሚቱ ክንዕሹ ንዘመረጽና ከኣ ደርጉሓልና።

ብርዒ ተስፋዬ ኣብ ኢትዮጵያ መሪሕ ሰውራዊ ተራ እያ ተጻዊታ። ልዕሊ ናይ "ቡርቃ ዝምታ" ንስምዒት ህዝቢ ኦሮሞ ዘቐስቀሰ ዕዮ ክህሉዶ ይኽእል? ስለዚ ኢትዮጵያውያን ንታሪኽ ህይወቱ ክጽሕፉ እንተተጓየዩ ዘገርም ኣይኮነን። እዚ ግን ንናይ ኤርትራውያን ናይ ምጽሓፍ ብኩራት ዝመልእ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ይግባእ።

ኣብ መጽሓፍ ናይ ጉቺ ተስፋዬ ኢትዮጵያዊ ሓመድ ኮይኑ እዩ ተዘንቲዩ ዘሎ። ብርግጽ ተስፋዬ ኢትዮጵያዊ ነይሩ እዩ። ብናይ ብሄራት ፖለቲካ ካብ ዝተሓመሰት ኢትዮጵያ ምስ ወጸ ግን ኢትዮጵያውነቱ ኣኺቲሙ እዩ። ተራ ኢትዮጵያዊ ዝረኽቦ መሰል እውን'ዩ ተነፊጉዎ። ሽዑ ነቦኡን ኣዲኡን ናብ ዝፈጠረት ኤርትራ ገጹ መሊሱ።

ስለዚ ዛንታ ተስፋዬ ብኢትዮጵያዊ ትረኻ ጥራይ ክዝንቶ ፈጺሙ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኢትዮጵያውያን ስለምንታይ ታሪኽ ህይወቱ ጽሒፎም ኣይኮነን። ብንጻሩ ጉቺ ዘወሰዶ ተባዕ ወሳኒ ናእዳን ኣድናቖትን ኣለኒ። ዛንታ ተስፋዬ ብኤርትራዊ ትረኻ ክጸሓፍ እንተ ዘይክኢሉ ግን ምልኣት ኣይክህልዎን እዩ።

ንዛንታ ተስፋዬ ይኹን ንዛንታ ኤርትራ ብናትና ትረኻ ንጽሕፈሉ ብድሆ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ሎሚ ይዓዝዝ። እዚ ንሓዋሩ ክንቀስነሉ ዘይንኽእል እውን እዩ። ከመይ ጽባሕ ጽባሕ ሓድሽ ትረኻ ኣብ ዘጫጭሕ ጎደቦ ተደኰና ንትማሊና ከም ሎሚ ግቡእ ቀላሕታ እንተ ዘይጌርና ርጉእ ጽባሕ ምጽባይ ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ።

**ነጸረኣብ ኣዛዚ**



# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ኣበርክቶ ብዓል ቤት ኣብ ምውሳእ ዕዮ-ገዛ ብኸመይ!

ስበኣይን ሰበይትን ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዮም ኢልና እንተገለጽናዮም ርዱእ'ዩ። ስቡሓዳር ብኣካል ክልተ'ኳ እንተኾኑ፡ ብፍቕርን ብዕላማን ግን ሓደ ስለዝኾኑ፡ ይፋቐሩን ይተሓላለዩን ኣብ ጉዕዞ ሂወት ንዘጋጥሞም ጸቡቕ ይኹን ሕማቕ ነገር ድማ ሓቢሮም የስተማቕሩዎ። ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ስድራቤት፡ ንሎሚ ብዛዕባ ሓድነት ስበኣይን ሰበይትን ዘይትሳ ክንገልጸ፡ ብዓልቲ ቤት ብኸመይ ንብዓል ቤታ ኣብ ስራሕ ገዛ ትጸምዶ ወይ ከምዘተሳትፍ ትገብሮ ዝብል'ዩ ክኸውን- ሰናይ ንባብ–

ስበኣይን ሰበይትን ኣብ ንጥፈታት ስራሕ ገዛ ሓቢሮም ክሰርሑን ክዋስኡን ከምዝለዎም፡ በጺሕናዮ ዘለና ምዕባለን ደረጃን መተዓብሮ ባዕሉ ጋህዲ ገይሩዎ ዘሎ ሓቂ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ መንጎ ስበኣይን ሰበይትን ናይ ስራሕ ምምቕቓል ክህሉ ኣለዎ። እዚ ከሎ እቲ ሓቂ ግን፡ ስራሕ ገዛ፡ ምእላይ ቈልዑን ማሕበራዊ ጉዳያትን (ምብጻሕን ካልእን) ዝጠልብ ግዜ ኣብ እንግድዓ እታ ኣደ'ዩ ክወድቕ ዝርአ። እዚ ዝፈጥሮ ጸቕጢ ድማ እታ ኣደ ኣብ ዘይተደልየ ምንጽርጻርን ምምርራርን ትኣቱ። ብፍላይ እታ ኣደ ኣብ ደገ መዓልታዊ ሰራሕተኛ እንተኾይና'ሞ ኸኣ፡ እቲ ክብደትን ምንጽርጻርን ኣመና'ዩ ዝዛይድ። እቲ ምንታይ ስራሕ ገዛ'ውን ካልኣይ እብረ ስራሕ ስለዝኾነ። እዚ ከኣ ምስ ግዜ ውዒሉ ሓደሩ ኣብ ሓዳራ ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድረሉ። ጸዕቂ ናይቲ ኣብ ደገን ኣብ ገዛን እትፍጽሞ ዕዮ፡ ምስ ብዓል ቤታ ኣብ ፍትሕን ዘይተደልየ ጸገምን ክትኣቱ ይገብራ። ስለዚ፡ ኣደታት ዘለወን ጸዕቂ ስራሕ ንምቕላል ብዓል ቤተን ኣብ ስራሕ ገዛ ዝዋስኣሉ መድረኽ ክፈጥራ ኣለወን፣ እዚ ከኣ ኣብ ምቕላል'ቲ ጸገም ቀዳማይ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። እዞም ዝስዕቡ ትሸዓተ ስጉምትታት እምበኣር፡ ሓንቲ ኣደ ንብዓል ቤታ ብኸመይ ኣብ ስራሕ ገዛ ከተዋስኦ ከምእትኽእል ዝሕግዙዋ'ዮም።

**1. እንታይ ክግበር ከምዘድሊ ወስኑ**

ሰሙናዊ ኣብ ቤትኪ ንእትዓይዮ ስራሕ ገዛ (ካብ ዝደቐቕ ክሳብ ዝዓበየ) ብንጹር ዘርዝርዮ። መን ክዕዮ ከምዝኽእል ድማ ሓደ ብሓደ ወስንዮ። ንኣብነት፡ ጽሪት ገዛን ካንሸሎን፡ ጽሪት ዓይኒ ምድሪ (ሺቓቕ)፡ ንቑልዑ ኑቦም ምሕጻብ፡ ክዳውንቲ ሓጺብካ ኣስታሪርካ ዓጺፍካ ምቕማጥ፡ ኣስቤዛ ምዕዳግን ቀለብ ምሽማትን፡ መግቢ ምስራሕን ደስቲ-ኩሽኩሽቲ ምሕጻብን፡ ናይ ኤለክትሪክን ናይ ማይን ቢል ምኽፋል፡ ሰራሓት ጀርዲን ምክያድ፡ ንቈልዑ ካብ ትምህርቲ ወጺኡ ናብ ዝኸይድዎ ተወሳኺ ንጥፈታት (ከም ስፖርት፡ መዚቃ፡ ስእሊ. . .) ምውሳድን ምምጻእን ወዘተ ገለ ካብ ዓይነት ስራሕ ገዛ'የም። ስለዚ፡ ብዓል ቤትኪ፡ ኣየናይ ዓይነት ስራሕ ገዛ ክሕግዘኪ ከምዝኽእል - ዓቕሙን ክእለቱን ኣብ ግምት ብምእታው ማለት'ዩ - ሕሰብን መድኒብኑ።

**2. ንስራሕ ገዛ መዳድብዎ**

ኑቶም ዝዘርዘርክዮም ስራሕ ገዛ ብዝወሰዶ ግዜን ብዝለዎም ሃልክን መዳድብዮም። እዚ ማለት ቀለልቲ ማእከሎትን ብርቱዓትን ኢልኪ ክፈልዮም። ንፍሲ-ወከፍ ስራሕ ገዛ ድማ ክንደይ ግዜን ጻዕሪን ከምዘወስድ መድብዮ። ከምኡ'ውን ብተደጋጋሚ ዝስራሕ ዓይነት ስራሕ ገዛ ደዩ ኣይኮነን መቓቕልዮ።ንኣብነት ገዛ ብመግዪ ምሕጻብ ማእከላይ ዕዮ ገዛ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ገዛ ምኽሳታርን ምውልዋን'ውን ካብኡ ዘይፍለ እዩ። ኑቲ ስራሕ ገዛ ከምዚ ኢልኪ ምስ መቓቐልክዮ፡ እቲ ስራሕ ቀሊጢፉ ዝፍጸመሉ ሜላ ፍጠሪ። ንኣብነት፡ እቲ ስራሕ ገዛ ብዓል ቤትኪ ክፍጽሞ ዘለዎ ዓይነት እንተደኣ ኮይኑ፡ መታን ንኽትተባብዕ ዘድሊ መሳርሒ ቀሪብኪ ቀልጢፉ ዝፍጽመሉ ሜላታት ክትሕብርዮ ኣለኪ።

**3. ሓገዝ ሕተቲ**

ዝበዝሓ ኣደታት ኣብ ዕዮ ገዛ ሓገዝ ብዓል ቤተን ክሓታ ኣይረኣያን እየን። ንኸሉ ባዕለን ክገብርኦን ኑብሰን ክወጽዓን ኢኻ እትዕዘብ። እዚ ግን ክኸውን ዘይግባእ'ዩ። ብዓል ቤተን ክዕዮ ኣብ ዝኽእል ስራሕ ገዛ ሓገዙ ክሓታ ኣለወን። ስለዚ፡ ንብዓል ቤትኪ ክሕግዘኪ ተወከሰዮ፣ 'ባዕሉ ሓሳቡ ክሕግዘኒ ኣለዎ' ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይሃሉኺ፡ እንተዘይተወከስክዮ ሓገዝ ከምዘድልየኪ ዘይክስተውዕሎ ስለዝኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ገዛ እንተዘይ ኣዋሲእክዮ፡ ማዕረ ክንደይ ከበርክት ከምዝኽእል ዓቕሙ ክትፈልጢ ኣይትኽእልን ኢኺ። ስለዚ፡ ኣብኡዶም ኣቐዲምኪ ዝዘርዘርክዮም ዕዮ ገዛ ብኸመይ ክዋሳእ ከምዝኽእል ምስ ብዓል ቤትኪ ግዜ ወሲድኪ ተዘራረቢ።




**4. ዘሰክፍ ዕዮ ገዛ ክሰርሕ ኣይተገድድዮ**

ኑቲ ኣቐዲምኪ ዝዘርዘርክዮ ቀንዲ ስራሕ ገዛ ንብዓል ቤትኪ ክርእዮ ሃብዮ፣ ክዕዮ ዘሰክፎ ወይ ዘይደልዮ ዓይነት ስራሕ እንተሎ ድማ፡ ክሰርሖ ኣይተገድድዮ። ደስ ዝበሎ ስራሕ ገዛ ንኽመርጽ ዕድል ሃብዮ። ንኣብነት፡ ብዓል ቤትኪ ገዛ ምኽሳታርን ምውልዋልን፡ ዓይኒ-ምድሪ ምጽራይን ክሰርሖም ባህ ዘይብልዎን ዘሰክፍዎን ዓይነት ስራሕ ገዛ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ስለዚ፡ ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ስራሕ ገዛ ንኽሰርሕ ከተገድድዮ ኣይግባእን፣ እታ ንሱ ንኽሕግዘኪ ባህ እትብሎ ዓይነት ስራሕ ንኽዕዮም ደኣ ዕድል ሃብዮ፣ ምስ ግዜ ቀስ ብቐስ፡ ድኻምክን ሃለኽለኽክን ርእዩ፡ እቲ ቅድሚ ሕጂ ክሰርሖ ዘሰክፎ ዝነበረ ዓይነት ስራሕ ገዛ ከይተረፈ ክሕግዘኪ ክጅምር'ዩ። ስለዚ፡ ዘይልወጥ ሰብ ስለዘየለ፡ ዘይምግዳድ - ኩሉ ብፍቕርን ሓልዮትን'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

**5. ኣንፈት ኣሰራርሓ ሃብዮ**

ኑቲ ብዓል ቤትኪ ክሕግዘኪ ኣንቂዱሉ ዘሎ ዓይነት ስራሕ ቅድሚ ሎሚ ንስኺ ብኸመይ ትሰርሕዮን ክንደይ ግዜ ይወስደልክን ምንገሩ ኣንፈት ሃብዮ። 'ኑዚ ስራሕ ገዛ እዚኣ ብኸምዚ ገይርካ ጥራይ ክትዓማ ኣለካ፡ ክንድ'ዚ ግዜ ድማ ክትወስደልካ ኣለዋ'' ዝስምዕ ቃና ኣይተሰገድድዮ፣ ነታ ስራሕ ዝፍጽመላ ዝቐለለን ዝበለጸን ሜላ ደኣ ሓብርዮ። ምስግዳድ ግን ኑቲ ስራሕ ብጸቡቕ ንኽዕዮም ኣይከተባብዖን'ዩ። ነታ ዝሃብክዮ ዓይነት ስራሕ ቤታ ንሱ ዝርድኣን ዝጥቀመላ ሜላን ንኽዕዮማ ዕድል ሃብዮ።

**6. ገለ ግዜ ንኸሉ ስራሕ ገዛ ብሓባር ፈጽምዎ**

ሰሙን ምሉእ ኻትትኩም ስራሕ ገዛ ክትዓሙ እንተደኣ ቀኒኹም፡ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ግን ንኸሉ ዕዮ ገዛ ሓቢርኩም እትዓጽዉሉ ኣጋጣሚ ክትፈጥሩ ጸቡቕ'ዩ። ንኣብነት ንስኺ መግቢ እናሰራሕኪ፡ ንሱ ደስቲ ኩሽኩሽቲ ይሓጽብ፣ ንስኺ ንዘተሓጽበ ክዳውንቲ ኣብ ሰልኪ ምስ ሰጣሕክዮ፡ ንሱ ድማ ምስ ነቒጸ ኣውሪዱ ዓጺፉ የቐምጦ፣ ንስኺ ገዛ ምስ ኮስተርኪ ንሱ ድማ ይውልውሎ ወዘተ...። ሓቢርካ ዕዮ ገዛኻ ምስራሕ (ብፍላይ ውድድር እንተተሓዊስዎ) ፍቕሪ ክልተኻ ዘደንፍዕን ንመጺኢ ብዝሓየለ ንኽትሰርሕ ዝዕድምን ስለዝኾነ ኣቃሊልካ ክርኣ ኣይግባእን። ቀዳም ንግሆ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ስለዝኾነት ሓቢርኩም ዕዮ ገዛ ክትዓሙላ እትኽእሉ ምችእቲ ዕለት'ያ። እንተዘይኮይኑ፡ ምስ ናይ ደገ ስራሕኩም ብምዝምጋድ ኣብ ሰሙን ትጥዕመኩም መዓልቲ ፈሊኹም ዕዮ ገዛኹም ሓቢርኩም ስርሑ። ስለዚ፡ ስራሕ ገዛኻ ሓቢርካ ምስራሕ ብዓበኡ'ውን ንኽልቴኹም መጻምዲ ስራሕኩም ምስ ወዳእኩም ሓቢርኩም ክትዛረቡን ክተዕርፉን ዕድል ዝፈጥረልኩም ስለዝኾነ ምዝውታሩ።




**7. ተዓጻጻፊትን ትዕግስተኛን ኩኒ**

ንብዓል ቤትኪ ኣብ ስራሕ ገዛ ብዛዕባ ምስታፍ ዘለዎ ኣመለኻኽታ ክትቅይሪ ግዜን ትዕግስትን ዝወስድ ምዃኑ ፍለጢ። ስራሕ ገዛ ንጓለንስተይቲ ጥራይ ዝምልከት ገይሩ ካብ ንእስነቱ ተዓዚቡ ንዝዓበየ ኣእምሮኡ ምጽእ ኢልካ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክትቅይሮን ከምቲ እትደልዮ ክትገብሮን ዘይከኣል'ዩ። ትዕግስቲ፡ ሓልዮትን ምቅብባልን ኣሰኺኻ ኢኻ ቀስ ብቐስ ተላምዶን ኣብ'ቲ እትደልዮ ዕላማ ተውዕሎን። ምስ ግዜ ዘይልወጥ ኣእምሮ ስለዘየለ ከኣ፡ ክልወጥን ኑቲ ክሰርሖ ዝድለ ዘሎ ዕዮ ገዛ ክፍጽምን ኣይክሸገርን'ዩ። ስለዚ፡ ክሳብ ዕላማኺ እትወቕዒ (ተሳታፍነት ብዓል ቤትኪ ኣብ ስራሕ ገዛ ክሳብ እተረጋግጺ) ተሰኪ ከይቀረጽኪ ብትዕግስቲ ቀጽሊ። ኑቲ ዝተዋህቦ ስራሕ ገዛ ኣብ ዝፍጽመሉ ግዜ'ውን፡ ዘይምቅያኞ፡ ዘይምጽብጻብን ዘይምትህልላኽን፡ ሽለል ኢልክን ተዓጻጺፍክን ደኣ ኑቲ ዝፈጸሞ ዕዮ ገዛ ባዕልኺ ፈጽምዮ። ንዓኺ መታን ክሕግዘ ኑቲ ዝተዋህቦ ስራሕ ገዛ ክፍጽሞ ከምዝበሎ ድማ ብፍቕርን ሓልዮትን ሓብርዮ። ጸባሕ ንግሆ ብዝበለጸ ክሕግዘኪ እንተደኣ ደሊኺ ሎሚ ከተተባብዕዮ'ዩ ዘለኪ'ምበር ንዘዮመጦ ዕዮ ከተኣእሰዮ ኣይግባእን። እቲ ምንታይ፡ ጸባሕ ንግሆ እቲ ዝበለጸ ሓጋዚኺ ክኸውን ስለዝኾነ።

8. ንሓድሕድኩም ተመሳገኑ

ኩትኩም ስራሕ ገዛ ብምፍጻምኩም ክትመሳገኑ ግቡእኩም'ዩ። ክልቴኹም ንዕበየትን ወህደትን እታ ቤት ኣበርክቶ ትገብሩ ስለዝኾንኩም፡ ንስኺ እንተኣመስገንክዮ፡ ንሱ'ውን እንተኣመስገነኪ ገበን ኣይኮነን። ንሓድሕድኩም ክትመሳገኑ ከለኹም ድማ ንመጻኢ ዕዮ ገዛኹም ብጸቡቕ ክትቅጽልዎ ተስፋን ሓይሊን'ዩ ዝህበኩም። ከምኡ'ውን ኣድናቖትኩም ብዝተገላለጽኩምሉ መጠን ኣብ ምፍጻም ዕዮ ገዛኹም ጸቡቕ ልምዲ ከተሕድሩ'ዩ ዝሕግዘኩም። ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ኣብዚ ዓንቀጽ'ዚ ርእይቶ ወይ ተወሳኺ ሓሳባት እንተሎኩም ክትልእኩልና ከምእትኽእሉ እናሓበርና፡ ብፍላይ ሰብኡት ንኣንስትኹም ኣብ ስራሕ ገዛ እትገብሩለን ውልቃዊ ሓገዝኩምን ተመኩሮኹምን ንኻልኦት ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ናብ ዓምዲ ስድራቤት ቁ.ሳ.ቡስጣ 247 ኢልኩም ክትልእኩልና ንዕድም።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ-ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጸባቑ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዘሞም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ቅሳነት ፍስሃየ እስጢፋኖስ፡ ኣቦይ ፍስሃየ እስጢፋኖስ ጉብረመድህን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብተስላሴ ሃብተማርያም፡ ኣዴና ኣበባ ኣርኣያ ጉብረማስቀል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍቓዱ ኣርኣያ ጉብረስላሴ፡ ስም ኣደይ ንግስቲ ተኽለሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሓረጉ ጉብረሂወት ጉብረማርያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ የናታን ጉብረእግዚኣብሄር ሓጎስ፡ ስም ኣቦይ ጉብረእግዚኣብሄር ሓጎስ ንጉሱ፡ ስም ኣደይ ድማ ስላስ መረሳ እንግዳ ምባል ተረፉ፡ ስም ኣቦይ ጉብረእግዚኣብሄር ካሕሳይ ሃብተማርያም ስም ኣደይ ድማ ብርቱኳን ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ጺጋይ ሃይለ ጉብረስላሴ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ጺጋ ኣስገደ ጉብረክርስቶስ፡ ናይ ፈጸሚ ምልክታ ኣቕሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኢብራሂም ዓብደልቃድር፡ ብፍ/በ/መሰል ኣምራ ኢብራሂም፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምዕራፍ ክብርኣብ ጋርዜ፡ ብዋል ቤተይ ኪዳነ ተወልደመድህን ጉብሩ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣፈወርቂ ተኽስተ ተኽለእንደርያስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በረቐጺሓይ በየን ወልደገርግስ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን6/1/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሬድዋን ተኽሉ ጉብሩ፡ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ርእሶም ግርማይ፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ቶማስ ለኣከ፡ ዓቢይ መሊይ ዑቕባስላሴ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንኣደይ ብምትካእ ምስ ሓትነይ የርዳኖስ የማነ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሮቤል ተኽሉ ሃይለ፡ ኣቦይ ተኽሉ ሃይለ ርእሶም ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣቶ ኣብርሃ ጉብረስላሴ ወልደጋብር፡ ብመንገዲ ወኪል ወ/ሮ ተወን ኣብርሃ፡ ብዋልቲ ቤተይ ኣምለሰት ጉብረማርያም ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኣብርሃጼን ተኽልኣብ ተሰማ፡ ወለደይ ተኽልኣብ ተሰማ ሓዝበርን ኣደይ ኣሙተ ንጉሰ ክፍሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ብርኽቲ ኃይትኣም ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ኢያሱ ጉብርኣብ ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሓደሽ ኪዳነ ይሕደጎ ምባል ተረፉ፡ ሓደሽ ጣዕታይ ይሕደጎ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊና በርህ ጉብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ፋና በርህ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣቶ ስራጅ መሓመድ ኢብራሂም፡ ስም ዓባየይ መሓመድ ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ኣምና መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ሳልሕ ዑማ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓብደላ ኑር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዒዳ ማሕሙድ እስማዒል ምባል ተረፉ፡ ሰዒዳ እስማዒል መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለማርያም ብርሃ ኣልብርሃን ምባል ተረፉ፡ ኣቤል ብርሃ ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ኣቶ ድራር ጉብረሰ ሽከር፡ ኣቦና ጉብረሰ ሽከር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ባህጉ ጅምዕ ኣየንከረ ምባል ተረፉ፡ ጅምዕ ኣንከረ ጅምዕ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጅምዕ ኣየንከረ ጅምዕ ምባል ተረፉ፡ ጅምዕ ኣንከረ ጅምዕ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ፋጥና ኣልኣሚን ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ኣልኣሚን ዓሊ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተወልደመድህን ተኽለማርያም ጉብሩ ምባል ተረፉ፡ ተወልደመድህን ተኽሉም ጉብሩ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ምሕረቱ ኣብርሃም በ፡ተው፡ ኣቦይ ኣብርሃም በ፡ተም ወልደየውሃንስን ኣደይ ለተኪ፡ዳን ንጉሰ ተሰማን ስለዝዓረፉ፡ ኑ፡ ኣብ ሞልቂ ኣብ ዞባ 04 ዝርከብ ብስም ኣቦይ ነ/ሄር ኣብርሃም በ፡ተው ዝተመርሐ/ዝተዓደለ/ 290 ሜትሮ ስፍሓቱ ምሉእ ኖታ መሬት፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

### ምልክታ ጨረታ

ጽገና (ሰርቪስ) ኮፒየር፡ ፕሪንተር ከምኡ'ውን ፕሮጀክተር

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ኣብ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ጉዳይ ንክልተ ዓመት ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእል ትካል፡ ብሕጋዊ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ ጨረታ) ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት፡

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ፡፡
2. ቅዳሕ ናይ 2023 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ከምኡ'ውን ቅዳሕ መንነት ወረቐት የቕርብ፡፡
3. ተወዳደርቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ይወስዱ፡፡
4. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 30,000 ሽሕ ናቕፋ) ብCPO የትሕዙ፡፡
5. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል፡፡
6. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ጨረታ ካብ ዕለት 3/1/25 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ መኣከቢ ኣዳራሽ 7 109) ይኽፈት፡፡
8. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

---

ገዚ ሓ.ዝ.ብ.ማ ኣብ ዕለት 7/10/2024 ዘወጸ ዘይስሩዕ ኣኼባ፡ ዝ. ማሕበር ትመርሖ ዝነበረት ዋና ኣኪያዲት ስራሕ ወ/ሮ ምሕረት ለኣከ ብምቕያር ኣብ ክንዳኣ ወ/ሮ ትምኒት ሰለሙን መሻሾ ዋና ኣኪያዲት ስራሕ ማሕበርና ክትከውን ከም ዝወሰነ ንህዝቢ የፍልጥ፡፡

ገዚ ሓ.ዝ.ብ.ማ

---

ኣመልካቲ ኣቶ ጉብረታትዮስ ኣብርሃ ክፍለ +13 ኣድራሻይ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ከቢ ምህራም ጭራ ጎደና 159/29 ፕሎት 57 ፓርሰል POP I ኣብ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት IBRAMS 014506/1 ስፍሓቱ 100 ት/ሜ ኮይኑ፡ ኣርባዕተ ክፍልታታን ሓደ ተሓጋጋዚን ክፍሊን ዝሓዘ ገዛ ተመዝጊቡ ስለዝርከብ፡ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር፡፡

ወኪል ወ/ሮ ኣልጋሽ ክፍለ ሃ/ማርያም

---

### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

---

## Invitation For e-mail Maintenance

Pharmecor-Eritrea hereby invite eligible institutions or individuals to present their proposals to maintain the existing outlook e-mail or migrate our domain, as well as to conduct preventive maintenance measures to our computers.

Time frame for submission of the proposal

Interested participants who would take part in this bid shall present their technical and financial proposals within 8 days in working hours from the date of publication in the newspaper to the following address.

Pharmecor Eritrea
174 Denden Street No. 84
Tel. No. 127515/127700
Office Room No.3
P. O. Box 200
Asmara

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል - ውድድር ጉያ መሮር ተኻይዱ

'ውድድር ጉያ መሮር' ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 22 ታሕሳስ ኣብ ጸዕዳ ክርስትያን ምኽያዱ፡ ህዝባዊ ርክብት ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ኣብዚ ኦሎምፒካውያን ትስፉዋትን ተኻእቲን ኣትሌታት ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ንንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከልን ኣርባዕተ ክለባት ዞባ ማእከልን ሓቝፉ፡ ብኽልቲኡ ጾታ ውድድራት ተሰላሲሉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ርሕቀት 10፡ 8፡ 6ን 4ን ኪሎሜተራት ድማ ተኻዪዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሚካል ገብረሚካኤል ካብ ኢንሹራንስ ቀዳመይቲ ኣትያ። ፍርቱና ማእከለ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ሊድያ ኢሳቕ - መረብ ሰቲት፡ ሰና ፍትዊ ካብ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሄና ሃብቶም - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ሳምራዊት ክብረት - ኩባንያ ህንጻ ሰገን ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዘን።

ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ማርዳካይ መሓሪ ካብ ጋንታ ሚካኤል፡ ንጽግዎት መብራህቱ - ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ'ውን የናታን ክፍለ ካብ ጋንታ ሚካኤል ኣኸቲሎ ተዓዊቱ። ኣትሌታት ኩባንያ ህንጻ ሰገን ዳዊት ክፍሎምን ሳሚኤል ንገሰን ራብዓይን ሓሙሻይን ኣትዮም።

ኣብ ትሕቲ 20 ዓመት፡ ሳይሞን ተስፋገርግሽ ካብ ፍረ ጻዕሪ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ዳብራ ናስር ካብ ሰገን፡ ቶማስ ሃይለን - መረብ ሰቲት፡ ሚልዮን ኣብርሃም ካብ ንኡስ ዞባ ኣቦኻውል፡ ናህም ተስፋይ ካብ ፍረ ጻዕሪ ምስ ቀዳሞት ሓሙሽተ ኣትዮም።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣትሌት ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ኣርያም ሓደሽ እያ ቀዳመይቲ ኣትያ። ሰምሃር መዛግን ኣድያም ይሕደጎን - ኢንሹራንስ፡ ፋጥማ ኣሕመድ - ፍረ ጻዕሪ፡ ርዛ ሳለ - መረብ ሰቲት፡ ሳምራ ዓንደም - ፍረ ጻዕሪ ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዘን።

ኣብ ናይ ዓበይቲ ኣትሌታት ውድድር፡ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ኣሮን ክፍለ - ክለብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ንኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዳዊት ሰዩም - ፍረ ጻዕሪ ረቲዑ ቀዳማይ ኣትዩ። ናትናኤል ሃብታይ - ሰገን፡ ሳይሞን መብራህቱ - ጎዳይፍ፡ ሚሮን ተኽለኣብ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጉይትኦም ክፍለን - ጋንታ ሚካኤል ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ሒዞም።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል - መረብ ሰቲት ቀዳመይቲ ኣትያ። ፍዮሪ ገብረሂወት - ጋንታ ሚካኤል፡ ድያና ሽሻይ - ፍረ ጻዕሪ፡ ኣስቴር ይባቤ - ኢንሹራንስ፡ ንያት ግርማይን ሊድያ ግርማይን - ንኡስ ዞባ በሪክ ተኸቲለንኣ ብምእታው ዕውታት ክኾና በቒዐን።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ቅብብል በትሪ (ሪለይ፡ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ) - ፍረ ጻዕሪ ሚካል ገብረሚካኤል - ኢንሹራንስ ሰገን ያቆብ - ጎዳይፍ ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ኮይኖም። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ዳዊት ሰዩረ - ፍረ ጻዕሪ ገብርኣብ የናስ - መረብ ሰቲት፡ ያፌት መሴ - ዕዳጋ ሓሙስ ዕውታት ብምኻን ሽልማቶም ወሲዶም።





ኣብዚ ሻሞንተ ውድድር ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ኢንሹራንስ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ክለብ ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ዕውታት ጋንታታት ብምኻን ዋንጫ ተሸሊመን። ብወሃሊል ነጥቢ ድማ፡ ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ 'ጉብእል ሃገር ኣቂራጭ ዞባ ማእከል' ብምኻን ዓባይ ዋንጫ ዓተረ።

እዞም ኣብዚ ውድድር ዝተዓወቱ ኣትሌታት፡ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ብደረጃ ሃገር ዝቐድድ ጉያ መሮር ንዞባ ማእከል ወኪሎም ክሳተፉ እዮም።

## ታይክዋንዶ - ሰልጠንቲ ተመሪቖም

ኣማር ዓሊ

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ተወዲቡ፡ ብኣለይቲ መምህር ቃሰም ኣሕመድ ንኣሰልጣኝ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክወሃብ ዝጸንሐ ናይ ታይክዋንዶ ስልጠና፡ ብቐዳም 22 ታሕሳስ ኣብ ደንደን ጂምናዝዮም ናይ መመረቕታ ስነስርዓት ተኻይዱ።

ኣቦ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ ወለድን ኣፍቀርቲ ናይቲ ዓውድን ዝተረኽብሉ ኢጋጥሚ፡ ብቐዳማይን ካልኣይን ደረጃ ስልጠና (ጸዕዳን ብጫን መቕነት) ዝሰልጠኑ 44 ተመሃሮን መንእሰያትን ንስልጠናኦም ኣፍልጦ ዝሀብ ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም።





እዚ ብ1 ኑሓሰ 2024 ዝጀለመ ስልጠና፡ ብኽለንተናኡ ብቑዕ መንእሰይ ኣብ ምፍራይ ዓቢ ግደ ዝጻወት ከምዝኾነ ይግለጽ። ንዝኸሪ ናይ መጀመርያ ማሳለጢ ኮማንዶ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝበረ ቦታ 'ዓራግ ማርሻል ኣርት ኣካዳሚ' ዝበል ስያመ ዝተወሃቦ ኮይኑ፡ ብማስተር ኣሰልጣኒ ቀዳማይ ዳን (ደረጃ ጸሊም መቕነት) ዘለዎ ማስተር ቃሰም ዝጀመረን ዝቐጸለን ዘሎ እዩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ከተማ ከረን ብዕድመ ዝመጹ ሰልጠንቲ ታይክዋንዶ'ውን ምርኢት ኣቕሪቦም ነይሮም። ታይክዋንዶ ሓደ ካብ ዓይነታት ጥበባት ነብሰምክልኻል 'ማርሻል ኣርት' ኮይኑ፡ ቅድሚ 2000 ዓመታት ኣብ ኮርያ ዝጀመረን ዝማዕበለን ምኻኑ ይዝንቶ። ኣብ ሃገርና ድማ፡ ብ15 መጋቢት 1995 ኣብ ከተማ ከረን ብኣሰልጣኒ ናስር ኣሕመድ ደርማስ ተኣታትዩ።

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ራብዓይ ሰሙን ኣቑጺሩ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት ቀጺሉ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዲያእ ንእምባዛራ 6-1፡ ባርካ ንርእሲ-ዓዲ 3-1፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንሰሓርቲ 12-1፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኢብራሂም ሱልጣን 2-0፡ ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕሪ ንጸዕዳ ክርስትያን፡ ማይ ነፍሒ ንደምበ ሰምበል ብተመሳሳሊ 1-0 ኣሰኒፈናአን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ጸዕዳ ክርስትያን ንኢብራሂም ሱልጣን፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሚናበ ዘርኣይ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንሰሓርቲ፡ ማይ ነፍሒ ንደምበ ሰምበል፡ ሓርነት ንቶኮር፡ ልምዓት ንተክለዓንግብ ብተመሳሳሊ 2-0 ሰዒረናአን። እምባዛራ ንሰምበል፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንሰሜናት፡ ባርካ ንርእሲ ዓዲ፡ 2-1 ረቲዐናአን።

ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ጸዕዳ ክርስትያን ንኢብራሂም ሱልጣን፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሚናበ ዘርኣይ፡ ሰምበል ንእምባዛራ፡ ደቀሰብ ንዲያእ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንሰሜናት፡ ባርካ ንርእሲ ዓዲ፡ ሓርነት ንቶኮር፡ ልምዓት ንተክለዓንግብ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንሰሓርቲ፡ ደምበ ሰምበል ንማይ ነፍሒ ብተመሳሳሊ 2-0 ኣሰኒፈናአን።



ብዘይካዚ፡ ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ደንደን ንኣስመራ ሓፈሻዊ 55-22፡ ባርካ ንኢብራሂም ሱልጣን 68-15 ከምዝሰዓረአን ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ።

## ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

## ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ዓመተ-ስፖርት 2024-25፡ ቀዳም 21 ታሕሳስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

ኣብቲ ክልተ ግጥማት ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ንሰምበልን ሓይሊ ኣየርን ዘራኸበ ነይሩ። ንዕረፍቲ ብዘይ ሸቶ ዝወጽኣ እዘን ጋንታታት፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ሓይሊ ኣየር ካብ ፍርቱና ገዘኢ ኣብ መበል 67 ደቒቕ ብዘረኸበቶ ሸቶ ብጸቢብ 1-0 ተዓዊታ።

ዝቕጽለት ጸወታ፡ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን እዚ ውድድር ዝበረት ደንደን ንገጀረት ዘገጠመትሉ ነይሩ። ደንደን ኣብ ድሕሪ ዕረፍቲ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 51ን 77 ደቃይቕ ካብ ሄርሞን እዮብን ኣድያም ኣተወብርሃንን ብዘረኸበቶን ሸቶታት 2-0 ተዓዊታ። ሄርሞን ድማ ብልጽቲ ናይቲ ግጥም ተባሂላ።

ብዘይካዚ፡ ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ናይ'ዚ ዞባ ብቐደሚ ትማሊ ብሰለስተ ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ። ቀዳመን ዝተጻወታ ድማ ኩባንያ ሳዋን ግዘ ጥኑዓን ነይረን። ኩባንያ ሰምበል፡ ኣብ መበል 39 ደቒቕ ካብ ኣቤል ኣሰፋው ብዘረኸበታ ሸቶ 1-0 ተዓዊታ፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ።

ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ሓይሊ ኣየር 'ቢ' ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ፡ ዓብላሊት ኮይና እያ ወዲኣ። እዛ ጋንታ፡ ካብ የናታን ሃይልኣብ፡ ቤንሆር ጠዓመን ቤንሆር ኣማኒኤልን ክልተ ክልተ ሸቶታት ብምቁጻር፡ ብገፊሕ 6-1 ተዓዊታ። ንእንኮ ሸቶ ሓይሊ ኣየር 'ቢ' ሓዳሉም ሃብተማርያም ኣብ መበል 65 ደቒቕ ኣመዝጊባቶ።

ሳልሳይ ግጥም ናይቲ ዕለት ደንደን ምስ ኩባንያ ሰምበል ዘካየደቶ እዩ ነይሩ። ደንደን ድሕሪ ዕረፍቲ ብተኸታታሊ ካብ ሰራክ መብራህቱ፡ ሰም መድሕን፡ ሚሮን ኣለምን ስምኦን ሃብተን ሸቶ ብምምዝጋብ ናይ 4-0 ዓወት ሰኒዳ።

ዘዋሪት ዋንጫ፡ ጽባሕ ኣርባዕተ ኣስመራ ምስ ሰገን፡ ደንደን 'ቢ' ምስ ቲራቮሎ፡ ከምኡ'ውን ኣዱሊስ ምስ ማይ ተመናይ 'ቢ' ክጻወታ እየን። ቀዳማይ ጸወታ፡ 11:30 ቅ.ቀ እዩ ክፍለም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ግጥማት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ'ውን ብቐዳም ተኻዪዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ጸጸራት ንኣልታሕረር 'ቢ' 5-0፡ ቲራቮሎ ንኣርባዕተ ኣስመራ 5-3፡ ኩባንያ ሰምበል ንዕዳጋ ሓሙስ 7-2፡ ኣኽሪያ ንማይ ተመናይ 5-1፡ ዘራእትን ጥሪትን ንሰምበል 3-0፡ ንጉዳዊ ባንክ ንጎዳይፍ 2-1 ሰዒረናአን።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ቀ/ሚ ስሎቫክያ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ዘትዩ



ቀዳማይ ሚኒስተር ስሎቫክያ ሮበርት ፊኮ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ሞስኮ ብምርኻብ ኣብ ምስግጋር ባህርያዊ ጋዝ ሩሲያን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ከምእተዘራረበ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ፊኮ፡ እቲ ርክብ፡ ከም ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ብራሰልስ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ሕብረት ኤውሮጳ ተረኺቡ፡ ብመንገዲ ዩክሬን ኣቢሉ ናብ ስሎቫክያ ዝሓልፍ ባህርያዊ ጋዝ ሩሲያ ከምዝቃወም ዝሃቦ መግለጺ ምኽንያት ኣረዲኡ።

"ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሩሲያ ንምዕራባውያንን ንስሎቫክያን ቀረብ ጋዝ ክትቅጽል ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጹ" ክብል ዝሓበረ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ድሕሪ 1 ጥሪ 2025 ግና እዚ ሕጂ ዘሎ ውዕል ኣብ ዝውድኣሉ እዋን፡ ኣተሓሳስባ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ ግምት ብምእታው ብተግባር ዘይከኣል ምኻኑ ገሊጹ።

ፊኮ ኽዚ ዝገለጸ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዩክሬን ደኒስ ሽምይሃል፡ ሃገሩ ካብ 1 ጥሪ 2025 ጀሚራ ብመሬታ ኣቢሉ ዝኸይድ ምትሕልላፍ ጋዝ ሩሲያ ደው ከምዝብሎ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

ዩክሬን ቅድሚ ሕጂ ቀንዲ መተሓላለፊት መስመር ቀረብ ጋዝ ሩሲያ ናብ ኤውሮጳ ምንባራ ይፍለጥ።

## ሞዛምቢክ - ቁጽሪ ግዳያት ህቦብላ 'ቺዶ' ዛዩዱ



ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሰሜናዊ ሞዛምቢክ ብዘጋጠመ ሓያል ትሮፒካዊ ህቦብላ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ 94 ከምዝበጽሐን፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ጉድኣት ዘወረዶም ድማ 768 ከምዝኾኑን ካብ ሃገራዊ ትካል ምሕደራን ምክልኻልን ሓደጋታት እታ ሃገር ዝወጸ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ 'ቺዶ' ዝተሰምየ ህቦብላ ልዕሊ 622,610 ሰባት ከምእተጸለዉን ልዕሊ 140 ሽሕ ኣባይቲ ድማ ከምዝዓነወን እቲ ሃገራዊ ትካል ኣመልኪቱ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ 250 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ 89 ህዝባዊ ህንጻታትን 52 ኣሃዱታት ጥዕናን ዕንወት ብምውራዱን፡ ሰፊሕ ሕርሻዊ ከባቢታት ድማ ብማይ ብምድምሳሱ፡ ተቓላዕነት ናይ'ቲ ዞባ ንሓደጋ መለሱ ኣጋዲድዎ ከምዝሎ ተገሊጹ።

በቲ ድማ፡ ኣህጉራውያን ትካላት ሰብኣዊ ማሕበራት፡ ህጹጽ ድሌታት ናይቶም ዝተጎድኡ ሞዛምቢካውያን ንምምላእ ደገፍ ክገብሩሎም ይጽውዑ ኣለው።

ፕረዚደንት ሞዛምቢክ ፊሊፐ ንዩሲ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ብቴሌቪዥን እታ ሃገር ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንስድራ-ቤት ግዳያትን በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ንዝተጎድኡን ሰባት ብምጽንናዕ፡ ንኽልተ መዓልታት ዝጸንሕ ሃገራዊ ሓዘን ምእዋጁ ይዝከር።



## ሰርብያ- ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻዪዱ

ኣብ ርእሰ ከተማ ቤልግሬድ - ሰርብያ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ዝሓለፈ ሰንበት ኣንጻር ፕረዚደንት ኣሌክሳንደር ቩቺክን ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፍን ዝቐንዐ ተቓውሞታት ኣካይዶም።

እቶም ሰለፍቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተሓደሰ ናሕሲ መደበር ባቡር 'ኖቪ ሳድ' ድሕሪ ምፍራሱ 15 ሰባት ብምማቶም እዮም ተቓውሞኦም ዘሰምዑ ዘለው።

መራሕቲ ተቓወምትን ህዝብን ብተደጋጋሚ ናብ ጎደናታት ብምውጻእ፡ እቲ ሓደጋ ብሰንኪ ብልሽውና መንግስቲ ብቑዕነት ዘይብሉ መንገዲ ባቡር ከምእተሃልወ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ሰባት ከምዝሞቱን እዮም ዝወቕሱ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ልፍንታዊ መንግስቲ'ታ ሃገር፡ ነቲ ክሲታት ነጺግዎ ኣሎ።

ተመሃሮ ናይ'ተን ኣብ ቤልግሬድን ካልኦት ከተማታትን ዝርከባ ዩኒቨርሲቲታት፡ ንምሕዳስ እቲ መንገዲ ባቡር ዘጽደቑ ኩሎም ሰነዳት ክዝርግሑ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ሓደጋ ተሓተትቲ ዝኾኑ ሰበ-ስልጣን ክኽሰሱ ንስሙናት ተቓውሞኦም ከሰምዑ ምጽንሖም ይዝከር።

## ፓናማ፡ ንመጠንቀቕታ ትራምፕ ትኹንን

ምኑጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ንመትረብ ፓናማ ዳግማይ ክትቆጻጸሮ ከምእትኽእል ዝገለጾ መጠንቀቕታ ድሕሪ ምትሕልላፉ፡ ፕረዚደንት ፓናማ ጆሴ ራውል ሙሊኖ ከምዘየኾኖ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሙሊኖ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ነፍሲ-ወከፍ ትርብዒት ሜትሮ መትረብ ፓናማ፡ ናይ ፓናማ እዩ፡ ናይ ፓናማ ኮይኑ ድማ ክቕጽል'ዩ" ኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ሙሊኖ፡ ፓናማን ኣመሪካን በዚ ጉዳይ ክይገራጨዋን ምስ ዝመጽእ ምምሕዳር ኣመሪካ ድማ ጽቡቕ ዝምድና ክምስርት ዘለዎ ተስፋ ገሊጹ።

ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ሰንበት መራኸቢ ኣመሪካ ብመትረብ ፓናማ ኣብለን ክሓልፋ ልዑል መጠን ክፍሊት ይሕተታ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ኣመሪካ ነቲ መትረብ ዳግማይ ክትቆጻጸሮ ከምእትኽእል ምጥንቃቑ ኣየርሰሃን።

ትራምፕ ኣብ'ቲ 'ትሩዝ ሶሻል' ዝተባህለ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሓይሊ ባሕርናን ንግድናን ኣዝዩ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ እዩ ተገይሩሉ። ፓናማ ተኽፍሎ ዘላ ክፍሊት ዘሰደምም እዩ" ኢሉ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ከባቢ'ቲ መትረብ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ ንዝበሎ ጽልዋ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዘሻቕሎ ምኻኑ ዝገለጸ ትራምፕ፡ ንረብሓታት ኣመሪካ ዘተሓሳስብ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣብ 1914 ብኣመሪካ ዝተዛዘመ እቲ ማያዊ መስመር፡ ብፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ኣብ 1977 ብዝተፈረመ ስምምዕ ናብ ፓናማ ከምእተመልሰን፡ ኣብ 1999 ከኣ ፓናማ ምሉእ ብምሉእ ከምእተቖጻጸረቶ ይፍለጥ።

ትራምፕ፡ "ፓናማ ውሑስ፣ ስሉጥን ዘተኣማምንን ንጥፈታት ናይ'ቲ መትረብ ከተረጋግጽ እንተዘይክኢላ፡ መትረብ ፓናማ ምሉእ ብምሉእን ከምለስልና ክንጠልብ ኢና" ኢሉ።



## ሰበ-ስልጣን ቱርኪን ሶርያን ርክብ ኣካይዶም

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቱርኪ ሃካን ፊዳን ምስ ሓዲሽ መራሒ ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ ተራኺቡ፡ ብጉዳይ ፖለቲካዊ ምስግጋርን ዳግመ-ህንጸት እታ ሃገርን ኣመልኪቶም ከምእተዘራረቡ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ደማስቆ ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣብ ሶርያ ሓድነትን ምርግጋእን ከምዝድለ ብምርግጋጽ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ብኩናት ዝተሃሰየት ሃገር ኩሉ ኣህጉራዊ እገዳታት ክለዓል ጸዊዖም።

ፊዳን ምስ ኣል-ሻራ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ቱርኪ ኣብ ጎድኒ ሶርያ ደው ክትብል ዘለዋ ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ዝተነብረ እገዳ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ክለዓል ከምዘለዎን፡ ሶርያ ብፖለቲካውን ቁጠባውን መዳይ ርእሳ ዝኸኣለት ሃገር ክትከውን ድማ ማሕበረሰብ ዓለም ክሕግዝ ተላቢዩ።

ኣል-ሻራ፡ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ንኣል-ኣሳድ ንምውዳቕን ስልጣን ንምሓዝን ዝጸለመ ስርሒት ካብ ዝመርሕ ንደሓር ንፈለማ እዋን እዩ ህዝባዊ ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቡ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኩሉ ቀጥባዊ እገዳ ክለዓል ኣለዎ፡ ንምልዓል እገዳታት ዝምችእ ግዜ እዩ መጺኡ ዘሎ" ክብል ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ክልቲኦም ሰበ-ስልጣን፡ ምንዳፍ ንመሰላት ወሓዳን እታ ሃገር ዝሕሉ ሓድሽ ቅዋም ሶርያ፡ ጉዳይ ሶርያውያን ስደተኛታትን ልኡላውነት ሶርያን ኣመልኪቶም ተዘራሪቦም።

ልፍንታዊ ተቓዋሚ ሓይሊ 'ሓያት ታሕሪር ኣል-ሻም' ስልጣን ዝሓዘ ድሕሪ'ቲ ን13 ዓመታት ኣብ መንግስቲ ሶርያን ተቓወምቲ ጉጅለታትን ዝተኻየደ ሕድሕዳዊ ኩናት ምዃኑ ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለንዩም<br>ፋርማሲ ኣሸፋእ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 24/12/2024 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ<br>ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኺት<br>ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ካምፖ ቦሎ | 07153448<br>07157709<br>124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565